# ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ምንቅስቓስ ዲሞክራስያዊ ተቓውሞ ኤርትራ- ጋሽ ሰቲትን ናይ ምጽንባር ስምምዕ ክቲሞም

ክፍሊ ዜናን ባህልን
ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
25.05.2009

ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን (ሰ.ህ.ኤ) ምንቅስቓስ ዲሞክራስያዊ ተቓውሞ ኤርትራ-ጋሽ ሰቲትን (ም.ዲ.ተ.ኤ-ጋ.ሰ) ብናይ ዘተ ሽማግለታቶም ኣቢሎም ን9 መዓልታት ዝቐጸለ ልዝብ ድሕሪ ምኽያድ፡ ኣብ 24 ግንቦት 2009 ዝርዝር ዘለዎ ናይ ምጽንባር ስምምዕ ከቲሞም። እቲ ናይ ዘተ መስርሕ እናቐጸለ እንከሎ፡ ኣቦ መንበራት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን እናተራኸቡ ሓበሬታታት ይለዋወጡ ነይሮም።

እቲ ብኣቶ እስማዒል ናዳ፡ ኣቦ መንበር ምንቅስቓስ ዲሞክራስያዊ ተቓውሞ-ጋሽ ሰቲትን፣ ብኣቶ ወልደሱስ ዓማር፡ ኣቦ መንበር ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን እተኸተመ ናይ ምጽንባር ሰነድ፡ ካብ መዓልቲ ናጽነት 2009 ኣትሒዙ ኣብ ግብሪ ክውዕል ኢዩ። ብመሰረት'ቲ ናይ ስምምዕ ሰነድ፡ 7 ኣባላት መሪሕነት ጋሽ ሰቲት፡ ኣባላት ማእከላይ ባይቶ፣ ክልተ ካብኣቶም 7 ድማ፡ ኣባላት ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ክኾኑ ኢዮም። ሰለስተ ካብቶም ላዕለዎት ካድራት ምንቅስቓስ ዲሞክራስያዊ ተቓውሞ-ጋሽ ሰቲት፡ ኣብ ሓጺር ግዜ መዝነት ተዋሂብዎም ኣብ'ቲ ግብራዊ መስርሕ ምጽንባር ናይ ኣባላትን ትካላትን ክልቲኡ ውድባት ክሕግዙ ኢዮም። እዚ መስርሕ'ዚ፡ ኣብ ውሽጢ ገለ ኣዋርሕ ክውዳእ ኢዩ፤ ምኽንያቱ ድማ፡ ነቲ ኣብ መንጐ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ ኣብ ታሕሳስ 2009 ክዛዘም መደብ ተታሒዝሉ ዘሎ መስርሕ እኹል ግዜ ንምርካብ ኢዩ።



*ፎቶ ናይ ኣባላት ሽማግለ ዘተ፡ ካብ ጸጋም ንየማን፡ መሓመድ ዓሊ ኢብራሂም፡ መሓመድ ኣደም ኣርትዓ (ክልቲኦም ኣባላት ሰ,ህ.ኤ) ባብከር መሓመድ ሓምድ፡ ኣሕመድ ኣረይ (ክልቲኦም ከኣ ካብ ምንቅስቓስ ዲሞክራሲያዊ ተቓውሞ ጋሽ ሰቲት)።*

ኣብ ዝሓለፉ ሒዶት ዓመታት፡ ናይ ሓድነት ተኽእሎ እንተልዩ ዝድህስስ ልዝባት ኣብ መንጐ ክልቲኡ ውድባት ክካየድ ጸኒሑ ኢዩ። ኣብ’ዚ ቀረባ እዋን ግን፡ እቲ ምንቅስቓስ፡ ምስ ተመሳሳሊ ፕሮግራም ንዲሞክራስያዊት ኤርትራ ዘለዎ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ክሳብ ናብ ምጽንባር ዝበጽሕ ምቅርራብ ክህሉ ብምውሳኑ ነቲ መስርሕ ምጽንባር ከምዝቀላጠፍ ገይርዎ። እቲ ናይ ስምምዕ ሰነድ ግን፡ ድሕር’ቲ ካብ 16-24 ግንቦት 2009 ኣብ መንጐ ናይ ክልቲኡ ናይ ዘተ ሽማግለታት ዝተኻየደ ልዝባት’ዩ ተኸቲሙ። ኣብላት ዘተ ሽማግለ ምንቅስቓስ ዲሞክራስያዊ ተቓውሞ ኤርትራ-ጋሽ ሰቲት፡ ባብክር መሓመድ ሓምድን ኣሕመድ ኣረይን ክኾኑ እንከለዉ፣ ብወገን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ከኣ፡ መሓመድ ኣደም ኣርትዓ፡ መሓመድ ዓሊ ኢብራሂምን ኢድሪስ እስማዒልን ኢዮም ነይሮም። ኣባላት ክልቲኡ ናይ ዘተ ሽማግለታት፡ ኣባላት ልዕለዋይ መሪሕነት ኣብ ወውድባቶም ኢዮም።



*ፎቶ ኣባላት ናይ ዘተ ሽማግለታት፡ ካብ ጸጋም ናብ የማን፡ መሓመድ ዓሊ ኢብራሂም፡ መሓመድ ኣደም ኣርትዓ (ክልቲኦም ካብ ሰ.ህ.ኤ)፡ ባብክር መሓመድ ሓምድ፡ ኣሕመድ ኣረይ (ክልቲኦም ካብ ምንቅስቓስ ጋሽ ሰቲት)*

እቶም 7 ናይ ቀደም መሪሕነት ምንቅስቓስ ዲሞክራስያዊ ተቓውሞ ኤርትራ-ጋሽ ሰቲት ኣባላት መሪሕነት ኣብ ማእከላይ ባይቶን ፈጻሚ ቤት ጽሕፈትን ኰይኖም ዘለዉ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም።

1. እስማዒል ናዳ
2. ባብክር መሓመድ ሓምድ
3. ነቢል ኢብራሂም
4. ናቲ ፍካክ
5. መሓመድ ዑስማን ሸንገር
6. ኣሕመድ ኣረ ሁመድ
7. ኣሸኩ ኣለሸ

ኣብ ዝኾነ ይኹን ግዜ ተጸዊዖም ኣብ ስራሕ ክዋፈሩ ዝኽእሉ ካድራት ድማ፡ ኣዱ ቲንጋ ኣሸዱ፡ ኣንወር ኣደም ዑስማንን መሓመድ ዓሊ ኣልሓጅ ፋኪ ኣለዉ።

## ሓጺር ታሪኽ ምንቅስቓስ ዲሞክራስያዊ ተቓውሞ-ጋሽ ሰቲት

ምንቅስቓስ ዲሞክራስያዊ ተቓውሞ-ጋሽ ሰቲት ኣብ 1994 ኣብ ዝተኻየደ መስራቲ ጉባኤ'ዩ ቈይሙ። ሽዑ፡ ምንቅስቓስ ኩናማ ንሓርነት ብዝብል ስም'ዩ ዝፍለጥ ነይሩ። ኣቦ መንበሩ ድማ፡ ተጋ/ወልደስላሰ ቻቼ ነይሩ። እቲ ምንቅስቓስ እተመስረተሉ ምኽንያት ድማ፡ ነቲ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ጋሽ ሰቲት ዘካይዶ ዝነበረ ናይ ሰፈራ መደብ ንምቅዋም ኢዩ። ኣብ'ቲ ዓመት'ቲ፡ ኣቦ መንበር ናይ'ቲ ምንቅስቓስ፡ ተጋ/ወልደስላሰ ቻቼ ብስርዓት ኣስመራ፡ ካብ ወድሸሪፈይ (ሱዳን) ተጨውዩ ተወሲዱ።

ብ10 ግንቦት 1996 ኣብ ዝተኻየደ ቀዳማይ ጉባኤኡ ስሙ ምንቅስቓስ ዲሞክራስያዊ ተቓውሞ ኤርትራ-ጋሽ ሰቲት ክበሃል ተወሲኑ። ኣባላት'ቲ ምንቅስቓስ መብዛሕትኦም ካብ ብሄራት ናራ ወይ ባርያን ኩናማን ኢዮም። እቲ ምንቅስቓስ ድሒሩ፡ ምስ ካልኦት ተቓወምቲ ውድባት ተሓባቢሩ ኣንጻር እቲ ጭቋኒ ስርዓት ኤርትራ ዝፍጽሞ ናይ ሰፈራ መደብን ካልእ ግፍዕታትን ክቃለስ ወሲኑ። ካብ 1994 ክሳብ 2001 ኣብ ዘሎ ግዜ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ልዕሊ'ቶም ኣብ ላዕላይ ጋሽ ኣብ ከባቢ ዑብለት ዝነበሩ ናይ ጸጥታ ትካላት፡ መጥቃዕቲ ዝፍጽሙ ተንቀሳቐስቲ ዕጡቓት ኣሃዱታት ናይ'ቲ ምንቅስቓስ ምንባሮም ዝፍለጥ ኢዩ። ኣብ ዝተፈላለዩ ውግኣት፡ ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ናይ'ቲ ስርዓት ጉድኣት የውርዱ ምንባሮም ውን ዝዝከር ኢዩ። ኣብ'ቶም ዓመታት እቲኣቶም፡ እቲ ምንቅስቓስ፡ ዱዳ ሙሳ ጃኪርን ኣለክሳንደር ዓብደላን ዝርከብዎም 11 ስውኣት ከፊሉ ኢዩ።

ምንቅስቓስ ዲሞክራስያዊ ተቓውሞ ኤርትራ-ጋሽ ሰቲት፡ ሓደ ካብ'ቶም ኣብ መጋቢት 1999 ዓ.ም ንሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ምሕዝነት ኤርትራ ዝመስረቱ ውድብ ኢዩ። እቲ ምሕዝነት ካብ 2002 ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ ብዝብል ስም ክጽዋዕ ከምዝጀመረ ዝዝከር ኢዩ። እቲ ምንቅስቓስ፡ ቅድሚ'ቲ ብመጋቢት 2005 ዓ.ም፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን እተመስረተሉ ዕለት፡ ምስ ካልኦት 6 ውድባት ሓደ ሰልፊ ንምቛም ተሰማሚዑ እኳ እንተነበረ፤ እቲ ስምምዕ ክቕጽል ስለዘይከኣለ፡ ኣብ ኣኼባ ናይ ኪዳን ብምስታፍ ህላወኡ ከም ናጻ ውድብ ቀጻሊ ምኻኑ ኣፍሊጡ ነይሩ ኢዩ።